homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
1a Surrey Road/መገዲ ሱረይ
ሳውዝ ያራ

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ነገስግስ ኣለና ማለት እዩ።

ናይ ሎሚ ምልክታ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ልዑል ደርብታት ጽልዋ ኣለዎ፡ ምስዘም ነበርቲ ድማ ስሩዕ ርክብ ንገብር ኣለና። **እዚ ንቤትኩም ወይ ንህንጻኹም ኣይጸልዎን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

**ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028** ናብ ምቹው ቤት ንኽግዕዙ ምስዘም ስድራቤታት ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቅዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቓስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ኣብ ከባቢኹም

ኣብ መንገዲ 259 Malvern/ማልቨርን, South Yarra/ ሳውዝ ያራ ንዝርከቡ ሒደት ስድራቤታት ብምግዓዝ ደገፍ ንቕጽል ኣለና።

ዳርጋ 90 ሚእታዊት ካብ ስድራ ቤታት ድሮ ግዒዞም ወይ ኣብ መስርሕ ምግዓዝ ኣለዉ፡ ከምኡ ድማ ኩሎም ክሳዕ ለካቲት 2026 ኣብ መንገዲ ምግዓዝ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ጐደና ሲሞንስ ከምኡውን ኣብ ጐደና ኢሰክስ ዝርከብ ምምዕባል ሓደስቲ ኣባይትን ናይ ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ኣብዚ ዓመት እዚ ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም። ብተወሳኺ እውን ነቲ ዝተረፈ ግምብታት ናይ ምጽጋን መደብና እንተላይ ዝተመሓየሸ ድሕንነት ዘጠቓልል ንምቕጻል ከምኡ ድማ ኣየር ኮንዲሽነር ንምድላው ቀዳምነት ንምሃብ ተዳሊና ኣሎና።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቅዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም።

ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ኩሎም ተቐማጦ ብዛዕባ መደባት ሓደስቲ ኣባይትን ንድፊ ጐረባብትን ምኽሪ ክሕተቱ እዮም።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ገዛኹም ክፋል እቲ ዳግመ ህንጸት ሰማይ ጠቀስ ህንጻ እኳ እንተ ዘይኮነ ምናልባሽ ግን ኣብ ጐረባብትኹም ለውጢ ይግበር ከም ዘሎ ከተስተብህሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ናይቲ ፕሮጀክት ምስ ሓድሽ ሓበሬታታት ክንራኸብ ኢና።

ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026